መሰል

ግዴታ

# መሰል ን ግዴታን

## ኣብ ጊዜ ቁጽጽር ናይ ፖሊስ

ብጥምረት ብዙሕነት ባህልን ፖሊስ ኑሻተልን ዝተዳለወ

ne.ch

# ዲሞድራስያዊ መሰረት

መሰረታትን ዕላማታትን ንጥፈታትን ፖሊስ በቲ ቕዋም ብሕግታት ፈደራላዊ ኹነ ካንቶናት ከምኡውን ብኣህጉራዊ ኣኼባታት ኢዩ ዝስራዕ። ሰበ ስልጣናት ካንቶናት ናይ ገዛእ ርእሶም ፖሊስ ኬመሓድሩ ከለዉ፣ ፈደራላዊ ፖሊስ (fedpol) ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ጣልቃ ይኣቱ።

ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰበ ስልጣናት ኲይኖም፣ **ፖሊስ መሰረታዊ መሰላትን ቅዋማዊ ውሕስነትን እናኣኽበሩ ነቲ ሕጊ ኣብ ተግባር የውዕልዎ።** ኣብ ሓደሓደ ብሕጊ ዝተመደበ ኩነታት፣ መኽበርቲ ሕጊ ገለገለ ምቕያድ ክገብሩን ናጽነትን ኣለዎም።

እዚ ጽሑፍ እዚ ሓባራዊ ኣኽብሮትን ህድኣትን ከም ዝሰፍን ንምግባር ኣብ ትሕቲ ቑጽጽር ብዛዕባ ዘሎ መሰላትን ግዴታትን ዝሕብር ኢዩ።

## ናይ ፖሊስ ተልእኾ

ፖሊስ ንህዝባዊ ድሕነት ውሕስነት ብምሃብ ስርዓት ብምሕላው ከምኡ'ውን ሕግታት ብምኽባር ስርዓት ናይ ምኽባር ሓላፍነት ኣለዎ። ኣብነታውን ሚዛናውን ኣድልዎ ዘይብሉን ስርዓት ኢዩ ዝስዕብ። ንመንነት ምቁጽጻር ሓደ ካብቲ መሰላቱ ኢዩ።

# ቁጽጽር ናይ ፖሊስ

**ኣባላት ፖሊስን ሰበ-ስልጣን ጉምሩኽን** ጥራይ ኢዮም ናይ ፖሊስ ምርመራ ኪገብሩ ዝፍቀደሎም።
ኪወስድዎ ዚኽእሉ ቐንዲ ስጉምትታት እንሆ።

- **ቁጽጽር መንነት :** ስም ናይ ስድራ፣ ቀዳማይ ስም፣ ዕለተ ልደት፣ ኣድራሻ፣ ሞያኹም፣ ስም ናይ ወለዲ ክትህቡ ኣለኩም። መንነትኩም ዚሕብር ሰነድ እንተዘይብልኩም፣ መንነትኩም ንምፍላጥ ካልእ ሰነዳት ወይ ስጉምትታት ብምሳድ ክሕተት ይኽእል ኢዩ። ሓለውቲ ህዝባዊ ጸጥታ እውን ናይ መንነት ቁጽጽር ከካይዱ ይኽእሉ ኢዮም።
- **ጉዕዞ ናብ መደበር ፖሊስ :** በደል ከም እተፈጸመ እንተ ተጠርጢርኩም ናብ መደበር ፖሊስ ክትውሰዱ ትኽእሉ ኢኹም። ዓቃብ ሕጊ ወይ ዳኛ እንተ ዘየናዊሑዎ፣ እቲ ናይ ፖሊስ ማእሰርቲ 24 ሰዓታት ጥራይ ኢዩ ዚጸንሕ።
- **ፍተሻ :** ክዳውንትኹም፣ ኣቑሑትኩም፣ ወይ ማኪናኹም ክፍተሽ ይኽእል ኢዩ። ንሕፍረትኩም ዝምልከት ፍተሻ ህጹጽ እንተዘይኰይኑ፣ ብተመሳሳሊ ጾታ ወይ ብሓኪም ኢዩ ዝግበር። ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝግበር ፈተሻ ቅልል ዝበለ ኢዩ (ንኣብነት : ኣብ ልዕሊ ክዳውንቲ ዝግበር ፈተሻ) ክብሪ ናይቲ ሰብ ድማ ንምሕላው።
- **ሞባይል ተሌፎን :** ፖሊስ ንምርመራ ተለፎንኩም ክህግሮ ኣኽእል ኢዩ፣ ኣብ ውሽጢ ተለፎምኩም ዘሎ ትሕዝቶ ንምፍላጥ ግን ፍቓድኩም ይሕተት ወይ ድማ ብሕጊ ዝተወሰነ ፍቓድ ክህሉ ኣለዎ።
- **ምጥቃም ሓይሊ :** ፖሊስ ሓይሉ ዝጥቀም ብቑዕ ዝኾነ ምኽንያት እንተሊዎ ፣ ማለት እቲ ሰብ ዘለዎ ተቓውሞ ንኽም ማእሰርቲ ወይ ምቍጽጻር ዝኣመሰለ ሕጋዊ ተልእኾ ነኽይፍጸም ዕንቅፋት እንተኾይኑ ጥራይ ኢዩ፣ ከምኡውን ንኻልእ ሰብ ንምክልኻል ኢዩ።
- **መቁሕ ኢድ :** ንርእስኻ ወይ ንኻልእ ሰብ ኣብ ሓደጋ ከይተእቱ ወይ ክይትሃድም ጥራይ ኢዩ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል።
- **ኣብ ዋህዮ/ማእሰር ምእታው :** ናይ ህዝቢ ሕጊ ንምኽባር ጊዚያዊ ማእሰርቲ፣ ንህጹጽ ሓደጋ፣ ካብ ምህዳም ንምክልኻል፣ ካብ ምርጻም ወይ ተዳጋጋሚ ገበን ዝፍጽም ሰብ እንተኾይኑ።

# መሰልኩም
# ኣብ ጊዜ ቅጽጽር ናይ ፖሊስ

## 1. መሰል ስቕ ምባል

- ብዘይካ ንመንነትኩም ዚምልከት ሕቶታት ንኹሉ ሕቶታት ክትምልሱ ኣይትግደዱን ኢኹም። ከምዚ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም : «ዝብሎ ነገር የብለይን»

## 2. መሰል ጠበቓ

- እንተ ተኣሲርኩም ካብ መጀመርታ እቲ ጉዳይ፣ ምናልባት ብናይ ገዛእ ርእስኹም ወጻኢ ንጠበቓ ከተማኽሩ ትኽእሉ ኢኹም።

## 3. መሰላት ብሕታዊ ንብረትኩም

- ፖሊስ ንተለፎንኩም ክሕዝዎ ዝኽልኡ እኳ እንተኾኑ፣ ብዘይ ፍቓድኩም ወይ ብዘይ ፍቓድ ቤት ፍርዲ፣ ንትሕዝቶ ተለፎንኩም ክውከሱ ኣይክእሉን ኢዮም።
- ብዘይ ናይ ዳኛ ፍቓድ፣ ኮድኩም ክትህቡ ግዴታ የብልኩምን።

## 4. መሰል ብቑዕ ምኽንያት ዘይብሉ ፍተሻ

- ሓደ ፍተሻ ብሕጋዊ መረጋገጺ ዝተመርኰሰ ክኸውን ኣለዎ (ንኣብነት ንድሕነት፣ ናይ ገበን ጥርጣረ ወይ በደል ምስዝህሉ)።

## 5. ምክልኻል ኣንጻር ዓመጽ

- ኣድልዎ ወይ መጠኑ ዝሓለፈ ሓይሊ ከይጥቀሙ፣ ብኣኽብሮት ክሕዙኹም መሰል ኣለኩም።

## 6. ንመንእሰያት ዝኸውን ፍሉይነት

- ትሕቲ ዕድመ እንተኾንኩም፣ ንብረትኩም ንምርመራ እንተተወሲዱ ወይ እንተተሃጊሩ ሕጋውያን ወከልትኹም ክሕበሩ ኣለዎም።

# ኣብ ናይ ፖሊስ ቁጽጽር ክትገብርዎ ዘለኩም ግዴታ

**1. ብሕታዊ ሓበሬታ ምቕራብ**

- ስም ስድራ፣ ቀዳማይ ስም፣ ትውልዲ ዕለት፣ ኣድራሻ።
- ሓበሬታ ዘይምሃብ ወይ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ምሃብ ናብ መቕጻዕቲ የምርሕ።

**2. መምርሒታት ምስዓብ**

- ናይ ድሕነት ውሕስነት ምእንቲ ክትረኽቡ፣ መምርሒ ናይ ኣባላት ጽጥታ ክትስዕቡ ኣለኩም።
- እቲ ቁጽጽር ከም ዘይፍትሓዊ ገርኩም እንተ ርኢኹሞ ኣብ ካልእ እዋን ተቓዉሞኹም ከተስምዑ ትኽእሉ ኢኹም።

**3. ኣኽብሮትን ሓላፍነትን ዘለዎ ኣረኣእያ**

- ኣኽብሮት ዝመልኦ ጠባይ ኣርእዩ
- ብጌጋ ክትርጎም ዚኽእል ዝኾነ ይኹን ሃንደበታዊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣወግዱ።

**4. ኣብ ዘለኹሞ ቦታ ናይ ምጽናሕ ግዴታ**

- ፖሊስ እንድሕር ነቲ ዘለኹሙዎ  ቦታ ከይትገድፉ ኢሎም እንተሓቲቶሙኹም ፣ ነዚ መምርሒ እዚ ክትእዘዙ ኣሎኩም።

**5. ኣብ ናይ ፖሊስ ጉዳይ ጣልቃ ብምእታው ዕንቅፋት ዘይምኳን**

- ኣብ መርመራ ጣልቃ ኣይትእተዉ ወይ ሓበሬታ ኣይትሕብኡ።

## ባኣሲ ምስ ዘጋጥም እንታይ ይግበር ?

**1. ኣብ ወረቐት ምምዝጋብ**

- ኣስማትን፣ ቁጽሪ መኪናን፣ ዕለትን ሰዓትን ቁጽጽር ዝተገብረሉን ቦታ መዝግቡ።
- ኩሉ ዝተዓዘብኩሙዎ ጠባያትን ወይ ዘጋጠመ ዓይነት ጸገማትን መዝግቡ።
- መሰኻኽር ስሞምን ኣድራሻኦም ኣለሊኹም መዝግቡ።

**2. ሓጋዊ ምኽርታት ተወከሱ**

- ንጥበቓ ወይ ንመሰል ደዊ ሰባት ዝጣበቑ ማሕበራት ተወከሱ።
- ንኹሉ ዘጋጥመኩም ነገራት ንኽሕግዙኹምን ከሰንይኹምን ን ኮስም ተወከሱ።

**3. ክሲ መስርቱ (ክሰሱ)**

- ኣድልዎ ዘለዎ፣ ሃሳይ ዝኾነ ተግባራት እንተኣጋጢሚኩም፣ ርትዓዊ ምኽንያት ዘይብሉን ተዳጋጋሚ ቁጽጽርን እንድሕር ተጌሩልኩም፣ ጥርዓንኩም ናብ መደበር ፖሊስ፣
ናብ ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ወይ ኣብ COSM ተወከሱ።

**ን ኮስም**

ዝብሃብ ውከሳን ሓበሬታን:

## ቤት ጽሕፈት ምኽሪ

እቲ ምኽሪ ንዝኾነ ይኹን ግዳይ ዓሌታውነት ወይ ኣድልዎ ዝበጽሖ ሰብ ናይ መንበሪ መንነቱ ብዘየገድስ ዝውሃብ ምኽሪ ኢዩ። እቲ ምኽሪ ካብ ክፍሊት ነጻ እዩ፣ ከምኡድማ ስቱር (ማሕምማዊ) ኢዩ። ኣገዳሲ እንድሕር ኮይኑ ድማ በተርጓሚ ይስነ።

## ቤት ጽሕፈት ጥርዓን

ኮስም ነቶም ምስ ኣድልዎ ዓሌትነት ወይ ዓመጻ እተተሓሓዘ ተግባር ብምፍጻሞም፣ ኣብ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ገበናዊ ክሲ ከቕርቡ ዝደልዩ ውልቀ-ሰባት ሓንጐፋይ ኢሉ ናይ ምቕባልን ናይ ምሕባርን ናይ ምድጋፍን ሓላፍነት ኣለዎ።
ሓበሬታ፣ ወይ ብኢንተርነት ወይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ብምምጻእ ወይ ድማ ብደብዳቤ ክውሃብ ይኽእል።

**ቤት ጽሕፈት ዝኽፈተሉ**

**ላ ሾ ደ ፎ (La Chaux-de-Fonds)**

Place de la Gare 6
ተሌ. 032 889 74 42
ኢመይል : cosm@ne.ch

ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ : 8 - 12 ከምኡድማ ካብ 13:30 - 17

**ኖሻተል (Neuchâtel)**

Tivoli 22

ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ: 14 - 17 ወይ ብቖጸራ

**ፍሎሬ (Fleurier)**

Rue du Temple 8

ሰኑይ : ካብ 14 - 17 ወይ ብቈጸራ

© Sarah Zafferri

## መወከሲ ሰነዳት

- ስርዓት ገበን ስዊዘርላንድ (CPP)
- መቕጻዕቲ ኮድ ስዊዘርላንድ (CP)
- ሕጊ ፖሊስ ካንቶን ኑሻተል (LPol)
- ሕጊ ምትሕንፋጽ/ምውህሃድን እተፈላለየ ባህሊ ዘለዎ ሓድነትን(LICM)